ወታኢ ልሳን

ኣዳላዊ ድያቆን ኣሸናፊ መኰነን

ትርጉም ሳሙኤል ዮሓንስ

ሚያዝያ 2003 ዓ.ም. ግእዝ

መሰል ደራሲ ዝተሓለወ ኢዩ !

መሰል ተርጓሚ ዝተሓለወ ኢዩ !

ናይ ኣሕታሚ ኣድራሻ

ቁ.ሳ.ፖ 62552 አ . አ

<u>ህያብ</u>

ካብ_____

ናብ_____

ብጽቡቅ ቃላትና ንሰባት ክንፍውስ ይምነይ!

ፈርማ

ዕለት

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላኽ ኣሜን !

መቕድም

ናይ መወዳእታ ናይ ጎይታና ናይ ድራር ምሸት ብምስኣል ዝፍለጥ ሌናርዶ ዳቪንቺ ንጎይታን ሃዋርያትን ዝበሎም ብዓይኒ ሕልና እንዳርኣየ ኣይኮነን ስኢልዎም ። ናይ ኩሎም ሃዋርያት ባህርያቶምን ፡ ጠባያቶምን ሓደ ብሓደ ካብ ወንጌል ድሕሪ ምጽናዕ ፡ ነቲ ባህሪ ዝመስል ዝሓዘ ሰብ ይደሊ እሞ ፡ ምስ ረከቦ ከኣ ሃዋርያ ክስቶ ኢሉ ይስእሎ ነበረ ። ኣብ ስእሉ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደሉ ኢየሱስን ይሁዳን ነበሩ ። ናይ ኢየሱስ ባህሪ ኣጽንዐ እሞ ፡ ምሉእ ብምሉእ ንዕኡ ዝመስል እኳ እንተዘይ ረኸበ ፡ ብጣዕሚ ለዋህ ፡ ንኹሉ ብማዕረ ዘፍቅር ፡ ጥዑይ ሰብ ምስ ረከበ ኢየሱስ ኢሉ ሰኣሎ ። ናይ ይሁዳ ስእሊ ንምስኣል ግን ሸዱሸተ ዓመት ወሲድሉ ።

“ፈታዊ ነብሱ፡ ገንዘብ ዘምልኽ፡ ጽቡቅ ብዘይ ምግባሩ ዘይኮነስ ክፍኣቱ ብዘይ ምውድኡ ዝጠዓስ ፡ ግፍዐይ ኣይሰለጠን እንዳበለ ዝሓርቕ ሰብ ኣዳልዩኒ” ኢሉ እንዳ ደለየ ከሎ ፡ ኸምቲ ዝደለዬ ሰብ ኣብ ሓደ ቦታ ይረክብ ። ሌዎናርዶ ዳቪንቺ ዝመጸሉ ዕላማ ነገሮ ፡ ይሁዳ ትውክለለይ ሰብ ንስኻ ኢካ እሞ ይሁዳ ጌረ ክስእለካ ፍቀደለይ ኢሉ ርሳሱ ኣልዓለ ፡ እቲ ሰብኣይ መሪር ብኽያት ክበኪ ጀመረ። ሌዎናርዶ ዳቪንቺ ከኣ ብጣዕሚ ገሪምዎ እንታይ ኮንካ ትበኪ ኣለካ በሎ ? እቲ ሰብኣይ ከምዚ በሎ፡- ቕድሚ ሹዱሸተ ዓመት ኢየሱስ ትመስል ኢኻ ኢልካ ዝሰኣልካኒ ኣነ እየ ። ብቡዙሕ ሸግር ፡ ብዝገጠመኒ ፈተናታት ሎሚ ሕማቅ ሰብ ኮይነ ምስ ረከብካኒ ፡ ይሁዳ ትውክለለይ ኢካ ኢልካ ክትስእለኒ መጺኻ በሎ ። ሌዎናርዶ ዳቪንቺ ኸኣ ሎሚ ይሁዳ ኢለ ዝስእሎ ዘለኩ ትማሊ ኢየሱስ ኢለ ዝሰኣልክዎ ሰብ ኢዩ ኢሉ ነብሱ ተዓዘባ ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ማዕረ ክንድዚ ሕማቅ ሰብ ኮይነ ኣለኩ ኢሉ ንስሓ ኣትዩ ይበሃል ።

እወ ሎሚ ኣብ መሬት ንድርብዬም ሰባት ትማሊ ኣብ ርእስና ክቅመጡ ዝተመነናሎም ኢዮም ። ሎሚ ረጊጽናዮም ንከይድ ሰባት ትማሊ ብማሕዘል ክንሓዝለኩም ኣይትከብዱናን ኢኩም ዝበልናዬም ሰባት እዮም ። ሎሚ ይሁዳ ዝበልናዮም ሰባት ትማሊ ኢየሱስ ይመስሉ ዝበልናዮም ሰባት እዮም ። ካብቲ ናይ መጀመርታ ፍቅርና ፡ እቲ ዳሕራይ ጽልእና ዝበዝሕ ኣሞናውያን ኢና (2ሳሙ 13፡15) ። ቅጥዒ ዘይብሉ ፍቅሪ ፡ ቅጥዒ ዘይብሉ ጽልኢ ዝወልደልና ፡ ነቲ ሰብ ክንፈትዎ ክንዲ ኣምላኽ ንርእዮ ፡ ክንጸልኦ ከኣ ሸይጣን ኢዩ እንዳ በልና ነውሪ ፡ ነቲ ሰብ ኣብ ዘመስገናዬ ኣደባባይ መሊስና ክንረግሞ ትዕዝብቲ ዘይንፈርህ ፡ በረኸትን መርገምን ዝተኻረየ ልሳን እምበር ዝተባረከ ኣፍ ዘይብልና ኣዚና ነደንግጽ ኢና ። እንተዘይ ኣርኣኹሙኒ ንዝበልናዮ ሰብ ካብ ምድሪ የጥፍኣዬ ንብል ፡ ስዒምና ንነክስ ፡ ቀዲስና ነርክስ ዓይነት ሰባት ኢና እሞ ንስሓ ኽንኣቱ ይግብኣና ። ናይ ቕምታ ባጀት እምበር ፡

ናይ ምሕረት ባጀት ዘይብልና ኣዚና ነደንግጽ ኢና ። እግዚኣብሄር ይቅረ ይበለልና !! ወሪድና ደይብና ኣተዓሪቅና ክንዲ ደቂ እግዚኣብሄር ምኳን ፡ ወሪድና ደይብና ንምጽላእ ውሉድ ሸይጣን ካብ ሙኳን ይሓልወና !! (ማቴ. 5፥9 ፡ ምሳ. 6፥19) ።

መእተዊ

ኣብ ሓደ መጽሓፍ ዘንበብክዎ ገጸ ባህሪ ኢዩ ፡ ሓደ ወዲ ኣፍ ሽጉጥ (ኣፈ-ሙዝ) ናብ ዓርኩ ኣቕኒዑ ይጸወት ነበረ ። በዚ ግዜ ዓርኩ ፡- እዚ ሽጉጥካ ካብ ቅድመይ ናብ ካልእ ኣዙሮ ፡ ካብዚ ነገር እዚ ደሓን ኣይወጽእን እዩ ኢልዎ ። እወ ኣፍ ሽጉጥ ሞት እምበር በረኸት ወጺእዎ ኣይፈልጥን እዩ። ብርግጽ ከኣ ሽጉጥ ነዚ እያ ተሰሪሓ ። ንምስጋናን ንበረከትን ክከውን ዝተዋሃበና ልሳን ፡ እዚ ልሳን ሓንቲ መዓልቲ ብሞት ከም ዝዕጾ ዝሓስቡ ሰባት ግን ፡ ካብዚ ኩሉ ንላዕሊ፡- ኣጸናንዑ ፡ ንህዝበይ ኣጸናንዑ [1]ደጊሙኩም ወንጌል ስበኩ ዝተባህሉ ደቂ ሰባት ብልሳኖም ኣእምሮ ሰባት ከባላሽዉ ፡ ኣብ ውሽጢ ሰባት ምትእምማን ዘጥፍእ ዘረባ ክዛረቡ ኣይግባእን ።

[1] ኢሳ. 40፥1 ፤ ማር.16፥15

ልኽዕ ዘይኮነ ነገር ምንጋር ግቡእ ዝኸውን ልኽዕ ዝኾነ ነገር ብምቅራብ ኢዩ ። ናይ ኹስቶ መግቢ ተመሪዙ ክትብል ዘይተመረዘ መግቢ ብምቅራብ እዩ ። ምጥንቃቅ በይኑ ኣየጽግብን እዩ ።

ልክዕ ከም ሽጉጥ ካብ ኣፎም ደሓን ዘይወጸም ሰባት ሎሚ ውን እንዳበዝሑ እዮም ። ንዘይወደቁ ሰባት ወዲቆም ፡ መንፈቆም እንዳበሉ ዝዕንድሩ ጡሩምባ ዝነፍሑ ፡ ከም ገለ ኢሎም ሓንቲ መዓልቲ ምስ ዝወድቁሎም ኸኣ ፡ - መጀመርታ እኮ ኢልና ኢና እንዳበሉ ነብያት ክኾኑ ዝፍትኑ ብዙሓት እዮም ። ኣዴታቶም ንምፍቃር ናይ ካልኦት ኣዴታት ምጽላእ ሕጊ ዝመስሎም ፡ ጽቡቅ ኣለኩ ንምባል ባዓል ኩስቶ ጽቡቅ የለዉን ብምባል ዝጅምሩ ፡ ከም ገንኢ ዓቢ ቁመና ሒዞም ኣብ ጸጸር ተደጊፎም ጠጠው ዝብሉ ፡ ሃይማኖታዊ ውትህድርና ዝእውጁ ፡

ጽልኢ ተተወዲኡ ዝነብሩ ዘይመስሎም ፡ በብዓመቱ ናይ ሰብ ሽም እንዳ ኣልዓሉ ናይ ዕድመ መናውሒ ከኒና ዝውሕጡ ፡ ክርስቶስ ዳግም ምስ መጸ ዝሓለውዋ ነፍሲ ዘይኮነትስ ዘባረርዋ ነፍሲ ጸብጻብ ዝህቡ ፡ ንስራሕ ዝበዝሑ ድያብሎስ ዘዕርፉ ፡ ዓለም ክትሓልፍ እንዳረኣዩ ካብ ዜና ከማን ዘይማሃሩ ፡ ስለ ስርዓት ዝጭነቁ ስለ ነፍሲ ግን ዕጅብ ዘይብሎም ፡ ብዋጋ ደም ንዝተገዝአ ሰብ ዋጋ ከፊሎም ዘጥፍኡ ፡ ንጽልኣቶም ምክንያት ንምንባሮም ግን ፍረ ዘይብሎም ፡ ዘለናኩም ንሕና ጥራሕ ኢና እንዳበሉ ብናይ ሓሶት ንብዓት ዝሓዝኑ ፡ ቤተ ክርስትያን ካብ ሓቀኛ ዋንኣ ካብ ክርስቶስ ክፈልይዋ ዝተንስኡ ፡ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ስም ክለዓል ከሎ ምስ ሰይጣን ብማዕረ ዝስንብዱ ሎሚ ኸማን በዚሑም ኣለዉ ።

ዘይተባረከ ልሳን ንሓዉ ይከሶ ፡ ዝተባረከ ልሳን ግን ዝጠፍኡ ይመልስ ። ዝተማህረ ሰባኪ ንዝጠፍኡ ይመልስ ፡ ዘይተማህረ ሰባኪ ግን ንኩሉ የጥፍእ ። ወንጌል ዘይመርመሮ ሰብ መሃር

ኢልካ ሓላፍነት ምሃብ ፡ ከም ንጽሉል ሴፍ ምሃብ ምኽኑ ንርእዮ ኣለና ። ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ዝተዛረብካዬ ናይ ሓሶት ምስኽር ሓንቲ መዓልቲ መልሲ ከም እንህብ እንዳ ሓሰብና ንቃላትና ጥንቃቀ ክንገብረሉ ይግባኣና ። እዚኣ ንእሽተይ ጽሕፍቲ ከኣ ልሳና ንጽቡቅ ክንጥቀመሉ ተለማምድ መጽሓፍ ብሙኽና “ **ወታእ ልሳን** ” ተባሂላ ተሰይማ ኣላ ።

ናይ ልሳን ሓይሊ

ልሳን ሓይሊ እዩ ። ልሳን ንጽቡቅን ንሕማቅን ዓቢ ሓይሊ እዩ ። ልሳን ንምፍራስን ንምህናጽን ዓቢ ሓይሊ ኣለዎ ። ንልሳና ቅንዕና ዝህልዎ ካብ ውሽጢ ልቢ ብቅንዕና ምስ ዝነቅል እዩ ። ናይ ልቢ ቅንዕና ምንጩ ናይ ሓቂ ፍልጠት እዩ ። ብልሳኖም ንዝጠፍኡ ዝመልሱ ብዙሓት ኣለዉ ብልሳን ንዝተረኽቡ መሊሶም ዘጥፍኡ ከኣ ቡዙሓት እዮም ። ብልሳኖም ብስራት ዝነገሩ ቡዙሓት እዮም ! ብልሳኖም ሓቂ ተቀቢራ ኢሎም መርድእ ዘርድኡ'ዉን ብዙሓት እዬም ። ብልሳኖም ዘተዓርቁ ብዙሓት እዬም ! ብልሳኖም ዘባልዑ ከኣ ብዙሓት እዮም ። ብልሳኖም ዘጸናንዑ ብዙሓት እዮም ! ብልሳኖም ልቢ ሰብ ዝሰብሩ ብዙሓት እዮም ። ብልሳኖም ካብ ኣፍ ጸድፊ ዝመልሱ ብዙሓት እዮም ! ብልሳኖም ዘጽድፉ፡ዉን ብዙሓት እዬም ። ብልሳኖም ንጽሉል (ዕቡድ) ተስፋ ዝህቡ (ዘረጋግኡ) ብዙሓት እዮም ! ብልሳኖም ውን ንዝጀመረ

ዘወድኡ ብዙሓት እዮም ። ብልሳኖም ንብዙሕ ህዝቢ ዝኣከቡ ሓየለ (ብዙሓት) ኢዮም ። ብቃሎም ፋሕ ዘብሉ ፣ ካልኦት ዝደኽሙሉ ስራሕ ኣብ ሓመድ ዝቀብሩ ብዙሓት ኢዮም ።

ልሳን ሓይሊ ኢዩ ፡ ሓይሊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እንድሕር ውዒሉ ከኣ ከም ኒኹለር ብዙሕ ነገራት የንቀሳቅስ ። ሓይሊ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እንተኾይኑ ግን ንጥፍኣትና ብዙሕ ምኽንያት ይኸውን ። ናይ ልሳን ሓይሊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እንተ ውዒሉ ንብዙሓት ፈውሲ !! ነዚ ንሪኡ ዘለና ናይ ዓለምና ጸልማት ብርሃን ዝህብ ኢዩ ። ናይ ልሳን ሓይሊ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እንተ ኾይኑ ግን ብዙሕ ጥፍኣት ይፈጥር !! መለዓዓሊ ንሕብረት መፍረሲ ድማ ይኸውን ። ናይ ልሳን ሓይሊ ንጽቡቅ ንምጥቃም ካብ ሕጂ ጀሚርካ ክትላማመድ ትኽእል ኢኻ ። ክንገዝእ ኮነ ክንሸይጥ ፡- “ የቀንየለይ ” ምባል ክንለማመድ ኣለና ። ብናይ ሃገርና ቋንቃ ድማ ፡- “ እግዚኣብሄር ይሃበለይ ” ክንብል ኣለና ። ስለማዊ ምልውዋጥ ዝወልድ !! ነዊሕ ምርኻብ ዝፈጥር ሓጺር ቃል እንተሎ “ የቀንየለይ ” ወይ ከኣ “ እግዚኣብሄር ይሃበለይ ” ዝብል ቃል ኢዩ ። እንዳ ሰብ ገዛ ክንኣቱ ከለና ፡- “ ሰላም ነዚ

ቤት ይኹን ” ብምባል ፡ ናይ ትንሳኤ ቃላት ብምጥቃም ፡ ሰባት ኣብ ገዛእ ገዘኦም ከም ምእንጋድ ኢዩ ። ናይ ሰላም ድምጺ ጠፊእሉ ዘሎ ዘመን ፡ ካብ ጸርፊ ክሳብ ኒኹለር ዝመልኣ ዓለም ፡ ናይ ሰላም ድምጺ እንተሎ ፡- “ ሰላም ነዚ ቤት ይኹን ” ወይ ከኣ “ ሰላም ንዓኹም ይኹን ” ዝብል ቃል ኢዩ [2] ። ሰባት ናብ ገዛና ምስ መጹ ፡- “ እንቋዕ ብደሓን መጻኹም ” ኢልና ምቕባል ንእግዚኣብሄር ከም ምቕባል ዝባርኸካ ናይ በረኸት ድምጺ ኢዩ ። ኣብ ሰማያዊ መንግስቱ ክቕበለና እንናፍቆ ጎይታ !! ሎሚ ኣብ ገዛና ጋሻ ክንቕበል ክርኢ ይደሊ [3] ። ብየማኑ ዝነበረ ሽፍታ (ፈያታዊ ዘየማን) ዝተቀበለ ጎይታ !! ድኻን ሃብታምን !! ቁምነገረኛን ቁምነግር ዘይብሉን ከይበልና ናብ ገዛና ዝመጸ ጋሻ ብፍቅሪ ክንቕበል ይደልየና ።

“ በጃኻ ዝሓወይ ” “ በጃኺ ዝሓፍተይ” ዝብሉ ድምጽና እንዳ ኣስማዕና ምእዛዝ እንተንለማመድ እዋይ እንተ ዝልእከኒ ዝብሉ ኣገልገልቲ ኢና ንፈጥር ።

---

[2] ማቴ . 10፡13 ፤ ሉቃ.24፡36 ።

[3] ማቴ.25፡35 ፤ ሮሜ 12፡13 ።

ንሰብ ክነፍቅሮ ደኣ ኣለና እምበር ክነገድዶ የብልናን ። ንሰብ ምኽባር ኣብ ልዕሊ ሰብ ዓሪፉ ንዘሎ ናይ እግዚኣብሄር መልክዕ ምኽባር'ዩ [4] ። በጃኻ ኢልና ክንዛረብ ከልና ንሰብ ብፍቅሪ ነፍቅዶ እምበር ብሓይሊ ነገድዶ ከም ዘይኮና ኢና ንገልጽ ።

ናይ ልሳን ሓይሊ ሓደ ፡- "ይቅሬታ" ዝብል ኢዩ ። ይቅሬታ ዝብል ቃል ንዓና ንሓበኻ ኣዚዩ መሪር ኢዩ ። ይቅረ ኸይንብል ብመከራ እንነብር " ይቅሬታ " ዝብል ቃል ብጣዕሚ ስለ ንጸልኦ ኢና ። ሰብ ምኟና እንተ ተቀቢልናዮ ሰብ ኮይኑ ዘይብድል የለን እሞ ይቅሬታ ክንብል ኣለና ። ንኻልእ ይቅረ ምባል ማለት ንገዛእ ርእስኻ ይቅረ ምባል ማለት ኢዩ ። ብጥፍኣትና ንገዛእ ርእስና ይቅረ ክንብል እንኽእል ንኻልኦት ይቅሬታ ምሕታት ምስ እንኽእል ጥራሕ ኢዩ ። ካብዚ ብዝተረፈ ዝሰራሕናዮ በደል ከም ዘይተሰርሐ ክኾነልና እንዳ ተመነና ብጭንቀት ክንሓቅቅ ኢና ።

---

[4] ዘፍ . 9፡6

ንሕና ኤርትራውያን ናይ ትግሪኛ ቃል ካብ ምጥቃም “ ሶሪ ” “ ኤክስኩዝሚ ” ዝብሉ ቃላት ምጥቃም ይቀለና ። ባዕልና ዘፍረስናዮ ባዕልና ምህናጽ ምስ ዝኣብየና ኣብ ናይ ውድቀት ውሽጢ ይቅሬታ ሃናጺ ቃል ኢዩ ። ነገስታት ዝበለጸ ወላ ግበሮሎም “ የቀንየለይ ” ክብሉ ኣይደልዩን ይበሃል ። ምኽንያቱ ዝተገብረሎም ስለ ዝግብኦም ከም ግቡእ ጌሮም ኢዮም ዝሓስብዎ ይበሃል ። ነገስታት ካልኣይ ዝጸልእዎ ቃል እንተሎ ድማ “ ይቅሬታ ” ዝብል ቃል ኢዩ ይበሃል ። በዲሎም ከለዉ ይቅሬታ ክሕተቱ ይደልዩ ። እዚ ኸኣ ኣብ ነገስታት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ መሪሕነት ስፍራ ዘሎ ሰብ ጠባይ ኢዩ ። ሰብኡት ንኣንስቶም !! ኣስራሕቲ ንኣስራሕቶም በዲሎም ከለዉ ይቅሬታ ሕተቱኒ ይብሉ ። ይቅሬታ ምሕታት ግና ንሕልናናን ንእግዚኣብሄርን ክብሪ ምሃብ ብምኻኑ ክንቀዳደመሉ ዝግበኣና ኢዩ ። ደቂ እግዚኣብሄር እንተኾይና ንእግዚኣብሄር እንመስለሉ ብናይ ይቅሬታ ጎደና ኢዩ ። ማዕርጉን ሃብቱን ዝኾነ ይኹን ንዝበደልናዮ ሰብ ይቅሬታ ክንሓቶ እቲ ሰብ ብቁዕ ኢዩ ። ንሰብ ምብዳል ንእግዚኣብሄር

ምብዳል ምኻኑ ብምሕሳብ ጥራይ እዚ ክንግብር ይግብኣና ። ናይ ሰባት ናይ ሕልና መፍትሕ ክንቅበል !! ባዕልና ዘርሳሕናዮ ነጽሪየሉ ኣገባብ ብናይ ይቅሬታ ድምጺ ኢዩ ።

እግዚኣብሄር እንተ ፈቂድዎ ከምዚ ክገብር ኢየ ምባል ካብ ናይ ልሳን ምስጋና ሓደ ኢዩ ። ናይ ሓይሊ ልሳን ብጽቡቅ ንምጥቃም ፍቃድ እግዚኣብሄር ምስማዕ ግቡእ ኢዩ ። እግዚኣብሄር ከይፈቀደ እንቅበሎ ኾነ እንህቦ ዝኾነ ነገር የለን ። ዝተጠውየ ትኽ ዝብለሉ !! ዝፈረሰ ዝህነጸሉ !! ኣብ ዝሓሰብናዩ እንውዕሎ !! ብዝሃብናዮ እንምረቆ እግዚኣብሄር ምስ ዝፈቅድ ጥራይ ኢዩ ። ሃዋርያ ያእቆብ ኣብ መልእኽቱ ፡- “ እስኪ ሕጂኸ ንስኻትኩም ፡ ሎሚ ወይስ ጽባሕ ናብታ ኸተማ እቲኣ ንኺድ እሞ ኣብኣ ዓመት ንግበር ፡ ክንነግድን ክንረብሕን ኢና ፡ እትብሉ ፡ ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዝኸውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም ። ህይወትኩም ደኣ እንታይ ኢያ ? ንቅሩብ ግዜ ተራእያስ ፡ ደሓር ዚበንን ትኪ ኢኹም ። ጎይታ እንተ ፈቐዶ ፡ ንሕናውን እንተ ኣሊና ፡ እዚ ወይስ እቲ ክንገብር ኢና ፡ ክንብል ይግብኣና ” (ያእ.4፡13-15) እንዳበለ ይመኽረና ። ፍቃድ እግዚኣብሄር ብልሳንካ ምእታው ንቃልካ

ሓይሊ !! ንምፍጻሙ ጉልበት !! ውጽኢቱ ኸኣ ጽባቐ ኢዩ ። ካብዚ ብዝተረፈ ግን ቃላትና ንፋስ ወሲድዎ ኢዩ ዝተርፍ !! ተግባር ዘይብሎም ናይ ፈኸራ ሰባት ጥራይ ኮይና ኣብ ትዕዝብቲ ኣቲና ንወድቅ ።

“ የፍቅረካ ኢየ የፍቅረኪ ኢየ ” ዝብል ቃል ሓይሊ ዘለዎ እኳ እንተኾነ ኣብ ሃገርና ግን ዝተጮኮነ ቃል ኢዩ ። ኣብ ሃገርና (ብስክፍታ) ፡- “ ዘፍቅረካን - ዘፍቅረክን ” ይብሉ ። ሎሚ እዚ ቃል ንኣንጻር ጾታዊ ፍቅሪ እምበር ኣብ የሕዋትናን ኣሓትናን ዘለና ፍቅሪ ንምግላጽ ኣይወዓለን ። “ የፍቅረካ ኢየ ” ወይ ከኣ “ የፍቅረኪ ኢየ ” እንዳ በሉ ዝዛረቡ ሰባት ብዙሕ ግዜ ምፍቃሮም ከም ውዕለት ቆጺሮም ክዛረቡ ይኽእሉ ኢዮም ። ንኻልኦት እነፍቅሮም ግና ንናይ ገዛእ ርእስና ሂወት መቀረት ከም ዝኾነ ኣይርድኦምን ኢዩ ። “ ነፍቅረኩም ኢና ” ዝብል ቃል ኣብ ፈነወ ሬድዮ ኢና ንሰምዖ ። ከይረኣዩና ስለ ዝፈተዉና ብጣዕሚ ኢዩ ዘገርም ። ምሳና ሓቢሮም ምስ ዝነብሩ ሰባትን እንፈልጦም ሰባትን ግን ፍቅርና ክንገልጽ ፍቃደኛታት ኣይኮናን ፤ ወይ ድማ ንሓፍር ኢና ። ሓደ ካብ ናይ ልሳን ኣጎልግሎት ፍቅርኻ ምግላጽ ኢዩ ።

ኣብ ሃገርና ፍቅርና ስለ ዘይንገላለጽ ፍቅርና ኹሉ ግዜ ጥርጣረ ዘመልኦ ኢዩ ። ዝስምዓና ስለ ዘይንገልጽ መጀመርታን መወዳእታን ዘይዕረ ምቅትታል ዝመልኦ ስጉምቲ ኢዩ ። ጥበበኛ ሰሎሙን ፡- “ ካብ ሕቡእ ፍቅሪ ግሉጽ ተግሳጽ ይሓይሸ ” ዝበሎ ብምዝካር ፍቅርና ክንገላለጽ ኣለና (ምሳ.27፡5) ።

“እግዚኣብሄር የፍቅረኻ ኣዩ !” ቀሊል ዝመስል ግን ናይ ሞት ሰኽም ዘራግፍ ድምጺ እንተሎ እዚ መልእኽቲ እዩ ። ሰብ ኣብ ዉሽጢ ሽግር ይኹን ደስታ (ሓጐስ) ኩሉ ግዜ ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕል ቃል እንተሎ “ እግዚኣብሄር የፍቅረካ እዩ” ወይ ከኣ “እግዚኣብሄር የፍቅረኪ እዩ” ዝብሉ ቃላት እዮም ። ንምንታይ ? ብዝብል ሕቶ ንዝተጨነቐ ! ናይ ገዛእ ርእሶም ድምጺ ምስማዕ ብገደል ጸዲፍካ ምሟት ኽኾኖም ከሎ !! ደጊሞም ብዝሰምዕዎ ድምጺ እግዚኣብሄር ከም ዘፍቅሮም ብምስምዖም ናይ ለይቲ ወጋሕታ ! ናይ ጸልማት ብርሃን ዘበስሮም ኢዩ ። ሓደ ሰብ ትዝ ኣብ ዝብለና ብኣካል እኳ ክንረኽቦ እንተዘይ ከኣልና ብቑልጡፍ ደዊልና፡- እግዚኣብሄር የፍቅረካ ኢዩ !! ኽንብሎ ይግበኣና ። ምኽንያቱ እቲ ሰብ ትዝ ዝብለና ነቲ ሰብ ሕጂ ስለ ነድልዩ

ኽከውን ይኽእል እዩ። ጥዑም ቃላትና እንተ ንጥቀመሎም ብዙሓት ሰባት ኻብ ናይ ሞት መገዲ ተመሊሶም እንደገና ክነብሩ ምወሰኑ ኔሮም።

“ኣጆኻ - ኣጆኺ” ብስራሕ ንዝደከሙ ጥራይ ዘይኮነስ ንምንባር ዓቅሚ ዝሰኣኑ ወገናትና ዝኸውን ናይ ብርተዐ ደወል እዩ ። ሰብ ካብ መከራ ዝተላዕለ ሓደ ሓደ ግዜ ውሽጡ ምምራር እንዳ መልአ ሂወቱ ክጸልኣ ይጅምር ። ኣብ ከምዚ ግዜ ንምዉት ዘተንስእን ዘነቃቕሕን ፡- “ ኣጆኻ” ወይ “ኣጆኺ” ዝብሉ ቃላት እዩም ። ፍርሒ ደቂ ሰባት ኣብ ርግጸኛ ዝኮነ ነገር ዝተመስረተ ጥራሕ ዘይኮነስ ! ርግጸኛ ካብ ዘይኮኑ ነገራት ውን ይፈርሑ እዮም ። ንምፍራሕ ዘፍርሕ ነገር ምርኻብ ጥራይ ኣይኮነን ። ፍርሓት ባዕሉ ከፍርሓና ይኽእል እዩ ። ብሓቂ ካብ ገንዘብ ንላዕሊ ናይ ቃል እንህቦ ኣጆኻ ወይ ኣጆኺ ብዝብል ቃል ውሽጣዊ ሃብቲ ኢዩ ።

“ እግዚኣብሄር ይባርኽካ! ” ዝብል ቃል፡ እግዚኣብሄር ኣብ ዉሽጢ ናይቲ ሰብ ህይወት ጽቡቅ ነገር ክሰርሕ ምምናይ እዩ ! ኣሜን ዝብል መልሲ ዝርከቦ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ዝሕተም

ናይ በረኸት ቃል እዩ ። ምረቃ ናይ ሸማግለታት ወይ ናይ ካህናት ጥራሕ ኣይኮነን ፡ ኩሉ ክርስትያን ነናሓድሕዱ ክመራረቅ ይግብኦ ኢዩ (1ጴጥ.3:9) ። ንሰብ ኽንምርቆ ከለና ጽቡቕ መግለጺ እነስምዓሉ ጥራሕ ዘይኮነ ብእምነት ንእግዚኣብሄር ሓደራ ንህቦ ኣለና ማለት ኢዩ ።

“ ምርኻብና ደስ ኢሉኒ ” ዝብል ቃል ካብ ፍቅሪ ልቢ ዝምንጩ ቃል እዩ ። ደስ ከይበለና ደስ ኢሉኒ ክንብል ብዙሕ ግዜ ዘሸግር እዩ ። ስለዚ ነቲ ሰብ ብምርኻብና ደስታና ብምግላጽ ሰይጣን ነቲ ሰብ ዋጋ የብልካን እንዳበለ ሕሹኽ ዝበሎ ቃል ከም ምጥፋእ (ምስራዝ) ኢዩ ። ናይ በረኻ እንስሳታት ምርኣይ ንላዕሊ ፡ ካብ ኣብ ባሕሪ ብመራኽብ ጌርካ ምዝንጋዕ ንላዕሊ ፡ ንሓውካን ንሓፍትኻን ምርኣይ የሐጉሰካ ።

“እግዚኣብሄር ይሓግዘኒ” ብምባል ቃል ዝኣተናዬ ነገር ምእሳር ናይ ልሳና ሓይሊ እዩ። “እዝን! እዝን ክገብር እየ” ድሕሪ ምባልና “እግዚኣብሄር ይሓግዘኒ” እንተ ኢልና እግዚኣብሄር ኣኽቢርናዬ ኢና እሞ ናይ ፍጻሜ ዝኾነ ኣምላኽ ይረድኣና ። ኹሉ ነገር ዝኸውን ብናይ እግዚኣብሄር ሓይሊ ምኻኑ ምስ

እንእውጅ ካብ ዓቅምና ንላዕሊ ኮይኑ እኳ እንተዘይ ፈጸምናዬ ሰባት ብጽቡቅ ርድኢት ይርዱኡና።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዬም ቃላት ብልምምድ ዘይኮነስ ውሽጥና የእሚና ብሓቂ ካብ ልብና ምስ እንብሎም ንቡዙሓት ኣርኣያ ኽንከውን ኢና ። ኣስተውዕሉ!! ሓይሊ ዘለዎ ሓቀኛ እዩ እሞ ብሓቂ ኻብ ልብና ምስ እንብሎም ሰዓሪ ዝኾነ መልእኽቲ ኣለዎም ። በይኑ ምልምማድ ጥራሕ ግና ሓይሊ የብሉን። ከም ስራሕ ኾይኑ እዩ ዘድክመና ። እዞም ቃላት ብሓቂ ካብ ልብና ምስ እንጥቀመሎም ግና ሰብኣዉነት የልብሱና ።

ልሳና ናትና ክሳብ ዘይመስለና ኣይግዛእን እንዳበለ ካብ ዘሸገረና ንልሳና ንምልምማድ፡-

የቀንየለይ

ሰላም ነዚ ቤት ይኹን

ሰላም ንዓኩም ይኹን

እምቃዕ ብሰላም መጻእኩም

በጃኻ ዝሓወይ - በጃኺ ዝሓፍተይ

ይቅሬታ

እግዚኣብሄር ተፈቂድዎ ከምዚ ክገብር እየ

የፍቅረካ እየ - የፍቅረኪ እየ

እግዚኣብሄር የፍቅረካ እዩ!!

ኣጆኻ - ኣጆኺ

እግዚኣብሄር ይባርኽኻ !!

ብምርኻብና ደስ ኢሉኒ !!

እግዚኣብሄር ይሓግዘና !!

ዝብሉ ቃላት ምስ እንጥቀም ናብ ናይ ልሳን ቅድስና እንዳምራሕና ንኸይድ ። ሰብ ልሳኑ ምግታእ እንተ ኪኢሉ ኻልእ ሓጥያት ኣይከብዶን እዩ ። ቃሉ፡- “ ሰብ ብፍረ ኣፉ ሰናይ ይስሰ ፡ ነፍሲ እቶም ጠለምቲ ግና ግፎዊ ትምገብ” (ምሳ. 13፡2) ኣስዒቡ ድማ፡- “ልዙብ ልሳን ከም ኦም ህይወት እያ” (ምሳ. 15፡4) ደጊሙ ድማ “ልኡም ዘረባ መዓር ወለላ እዩ፡ ንነፍሲ ጥዑም፡ ነዕጽምቲ ኸኣ ጥዕና እዩ” (ምሳ. 16፡24) ይብለና።